tigrinja

ቅጥዕታት ጸወታ

እዚ ሕጂ እትጻወቱዎ ጸወታ ብ12 መንእሰያት ኣብ ሳንድቪከን ኣብ 2021–2024 ምስ ሕጊ ተጻወት Spela med Lagen ኣብ ዝብል ፕሮጀክት ብምስታፍ፡ ናይ ቆልዑት መሰላት ንምምሃር ዝዓለመ ዘዳለዉዎ ጸወታ እዩ።

እዚ ጸወታ ተጸላላዊ ኮይኑ እቶም ተዋሳእቲ ድማ ብስም ዝተፈላለያ ሃገራት በብጉጅለ ኮይኖም እታ ንቆልዑት ዝበለጸት ሃገር ንምኳን ዝዓለመን፡እዚ ድማ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ምስ ካልኦት ሃገራትን ብምትሕብባርን ኮይኖም እዮም ዝዋስኡ።

ነዚ ፕሮጀክት እዚ ዝመወሎ ሓፈሻዊ ናይ ውርሻ ማዕከን ብዓል መዚ Allmänna Arvsfonden ኰይኑ፡ ዘተግበሮ ድማ ድራማ መራ DramaMera ዝበሃል ማሕበር እዩ።

**ትሕዝቶ እቲ ጸወታ**

- ሓደ 25 መትሮ ኳድሮ ዝስፍሓቱ ናይ መዋስኢ ሜዳ/መድረኽ ኮይኑ ኣብ ኣርባዕተ ዓበይትን ጸለምትን ኵርናዓትን 16 ዝተፈላለዩ ሕብርታት ዘለዎም ትርብዒታት ዘለዎ እዩ።
- ዓቢ ብጫ ዳዶ
- ብጫ ተዋሳኢ ነገር
- ኣርባዕተ ብጫ ሳጹናት ንነፍስ-ወከፍ ሃገር ዝውክላ ኮይነን ትሕዝቶኣን ድማ:

መመልከቲ ብርዒ (Tuschpenna)
ብርዒ/ቢሮ
መጽሓፊ ጥራዝ
ናይ ዋጋታት ዝርዝር
3 መላይን ባርኖዝ (Barnoz)
ንመሰላት ቆልዑት ዝውክል ውዑላት ዝሓዘ ንእሽቶ መጽሓፍ።
A4 ቆጽሊ ወረቐት
ሓባር-መገዲ/ጉዕዞ

- ሓደ ጻዕዳ ሳጹን ምስ ትሕዝቶኡ ንኣለይቲ ጸወታ:

ንመሰላት ቆልዑት ዝውክል ውዑላት ዝሓዘ ንእሽቶ መጽሓፍ
ስእሊ ሃገራት
ናይ ዋጋታት ዝርዝር
ግዜ ዝምዝግብ መጋበርያ/ሰዓት
ዝርዝር ናይ ጉዕዞ መገድታት
ተወሳኺ ገንዘብ
ብርዒ/ቢሮ

ነቶም ሕብሪ ዝተለኽዩ ትርብዒታት ዝኾኑ ካርድታት:
ሰማያዊ:
መሰል ቆልዑ ኣብ ምሕላው ዝሰርሑ ውድባት
ስእሊ ናይ ንዓለም ዝለወጡ ቆልዑት
ሃነጽቲ ተልእኾታት/ዕማማት
ወጠርቲ ኣሳእል/ካርድ (Quizkort)
ዘይግሉጻት ንምግማት ዘጸግሙ ኣሳእል
ድሙቕ ሓምላይ MÖRKGRÖN:ካርድ ስባር ዜና
ወይናይ/ጾርጾራ: መጻወቲ ካርድ
ሃሳስ ቀጠልያ:ንይምሰል ዝግበር ተዋስኦ (Charaderkort)
ሃሳስ ሮዛ: ብሓባር ናይ ምስራሕ ልምምድ

**ግብራዊ ሓበሬታ**
እቲ መዋስኢ/መጻወቲ ባይታ 25 መትሮ ኣድሮ እዩ፡ ስለ ዝኾነ ድማ ስፍሕ ዝበለ መዋስኢ ቦታ የድሊ፡ኣብ ግዳም ምውሳእ/ምጽዋት እውን ጸገም የብሉን።
ብዘይካቲ መዋስኢ/መጻወቲ ባይታ እውን ኣብ ዙርያኡ ክትንቀሳቐሱሉ እትኽእሉሉ ቦታ እንተሃልዩ ጽቡቕ እዩ።
ብዝሒ ተዋሳእቲ/ተጻወቲ 12–16 ክልተ ድማ ኣለይቲ ክኾኑ ይምረጽ።
ንብረት ዝንበረሉ ቦታ ንኣብነት እቶም ኣለይቲ ንብረቶም ዘንብሩሉ ጠረጴዛ ክህሉ የድሊ።
እቲ ናይ ጸወታ ግዜ ካብታ እታ መጀመርታ ዳዶ ዝተደርበየትላ ግዜ ዝጅምር 60 ደቓይቕ እዩ።

**ጸወታ ቅድሚ ምጅማሩ**

*ተሳተፍቲ ቅድሚ ምምጻኦም:*
ኣለይቲ ጸወታ ነቶም ዝጥቀሙሎም መጋበርያታት ኣብ በቦታኦም ይሰርዑዎም/የንብሩዎም፡እቶም ሕብሪ ዘለዎም ትርብዒታት ከከም ድልየትካ ተቐምጦም፡እቶም ዕብይ ዝበሉ ጸለምቲ ግን ኣብ ኣርባዕቲኡ ኩርናዓት ዝቐመጡ ኰይኖም ኣብ ሞንጎኦም ኣርባዕተ ትርብዒታት ይህልዉ።
ስእሊ ናይቲ መጻወቲ ባይታ ተመልከት።
ትሕዝቶ ናይቲ ጻዕዳ ሳጹን ብምሉኡ ኣብ እቶም ኣለይቲ ጸወታ ብቐሊል ክረኽቡዎ ኣብ ዝኽእሉሉ ቦታ ዘርጋሓዮም።

*ተሳተፍቲ ምስ መጽኡ:*
እቲ ብማሕጽሮ ሰፊሩ ዘሎ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ክህሉ ዘለዎ ምትሕብባር Samarbete Mellan Länder ምዃኑን እዚ ድማ ብዛዕባ መሰላት ቆልዑት ዝምልከት ምዃኑ ግለጽ።
ነዚ ንምግባር ድማ ንዝተፈላለያ ሃገራት ወኪልኩም ብምጽዋት ሃገርኩም ቆልዑት ንኽነብሩላ እተኽእል ብልጽቲ ሃገር ምዃና ንምርኣይ እዩ።
እቲ ጸወታ ዝወስዶ ግዜ 60 ደቓይቕ ምዃኑን፡ ኩለን ሃገራት ድማ ሓደ ዓይነት ናይ ጸወታ መጋበርያ ከም ዝጥቀማን፡እቲ ጸወታ ድማ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት/ዕማማት ከምዘለዎን፡ እንሓንሳብ ኣብ ውሽጢ ሃገር እንሓንሳብ ድማ ምስ ካልኦት ሃገራት ብምትሕብባር ምዃኑ ትገልጽ።

እቶም ኣለይቲ ናይቲ ጸወታ ነቶም ተዋሳእቲ/ተጻወቲ ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለታት መቓቒሎም ኣብተን ኣብ ኩርናዓት ዝተነብራ ኣርባዕተ ጸለምቲ ትርብዒታት ብምምዳብ፡ ንነፍስ-ወከፍ ሃገር ዝውክሉ ብጫ ዝሕብሮም ሳጹናት ብምዕዳል ንትሕዝቶ ናይቶም ሳጹናት መብርሂ ይህቡ (ኣብ ላዕሊ ርአ)።

እቶም ኣለይቲ መድረኽ ናይ ንፍስ-ወከፍ ሃገር ካርድ ይዕድሉ እሞ ነተን ሃገራት፡ እቲ ኣብቲ ካርድ ሰፊሩ ዘሎ ጽሑፍ ንኽንብብኦን ድሕሪኡ ድማ ስም ናይታ ሃገር ኣብ A4 ቆጽሊ ወረቐት ብምጽሓፍ ኣብቲ ጸሊም ትርብዒት ከም ዝረአ ገይሮም ከንብሩዎ ይውክሱ።

እተን ሃገራት ጽሟቕ መግለጺ ናይታ ሃገር ዓው ኢለን ነተን ካልኦት ሃገራት የንብባለን፡ ድሕሪኡ ድማ ዝርዝር ዋጋታት ከንብባን ንሃገረን ክዕድጋላ ብዛዕባ ዘለወን 3 ነገራት ንኽሓስባ ግዜ ይወሃበን።
ኩለን እተን ሃገራት ነዚ ምስ ወድኣ እቲ ኣላይ መድረኽ እናዞረ እንታይ ከም ዝዓደጋ ክርእያ ምእንቲ ክኽእላ ብኽታሙ ቅብሊት ይገብረለን።

ድሕሪኡ ነፍስ-ወከፍ ሃገር ነቲ ዳዶ ይድርብያ እሞ እታ ዝለዓለ ነጥቢ ዘምጽአት ሃገር ነቲ ጸወታ ትጅምሮ።

**እቲ ጸወታ ይጅምር**
እታ ልዑል ነጥቢ ዝረኸበት ሃገር ነቲ መጻወቲ ዳዶ እናደርበየት ናይ ጸወታ መጋበርያ ሒዛ እቲ ዳዶ ብዘርእዮ ቍጽሪ መጠን እናሰጒመት ከም ኣቀጻጽራ ሰዓት ትዘውር። እቶም ዓበይቲ ጸለምቲ ትርብዒታት ከም ዘይቍጸሩ ኣስተብህል።
እታ ዳዶ እትድርቢ ሃገር ብመጠን እቲ ዝተደርበየ ዳዶ ብዘርእዮ ቍጽሪ እና ሰጒመት ነቶም ናይ ጸወታ መጋበርያታት ተግዕዞም። እታ ሃገር ኣብ ሓደ ትርብዒት ምስ በጽሐት እቲ ኣላይ መድረኽ ኣብኡ እንታይ ከም ዝፍጸም ይሕብራ።
መግለጺ ኣብዚ ሕብራዊ ሰሌዳ ኣሎኳ። ኩለን ሃገራት ሓደ ዓይነት ጸወታ እየን ዘካይዳ ነንሕድሕደንን ንኣላይ መድረኽን ድማ መግለጺ ይህባ።
እዚ ምስ ተዓመ ከምኡ እናበለ እቲ ጸወታ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይሰጋገር።
እቲ ጸወታ 60 ደቓይቕ ክሳብ ዝመልእ ይቕጽል፡ ድሕሪኡ እቲ ኣላይ መድረኽ እናዞረ ነፍስ-ወከፍ ሃገር ክንደይ ክታማት ከም ዘዋህለለት ይቖጽር። እቶም ኣለይቲ መድረኽ ናይ ኩለን ሃገራት ውህሉል ክታማት ብምድማር ብምልእታ እታ ጉጅለ

tigrinja

ብሓንሳብ ንሃገራ ካብቲ ዝርዝር ዋጋታት X ዝብዝሖም ነገራት ከም ዝዓደገትን ብኣኡ ኣቢሎም ድማ ንሃገራቶም ቆልዑት ክነብሩለን ዝኽእሉ ውሑሳት ሃገራት ከም ዝገበሩወን ይሕብሩ!

tigrinja

Rutförklaring መግለጺ ኪደት

| | |
|---|---|
| | ሃገራት<br>ነፍስ-ወከፍ ጉጅለ/ጋንታ ከም ዝተመስረሐት ሃገር ኰይነን እየን ዝዋስኣ/ዝጻወታ። እታ ሃገር ንመሰል ቆልዑት ዝምልከቱ ሓድ-ሓደ ብድሆታት ኣሎዉዋ። |
| **ንእሽቶ ኣልማዝ** | ኵለን ሃገራት ንሃገረን ሓደ ነገር ክዕድጋላ ኣሎወን |
| **ማእከላይ ኣልማዝ** | ኵለን ሃገራት ንሃገረን ክልተ ነገራት ክዕድጋላ ኣሎወን |
| **ዓቢ ኣልማዝ** | ኵለን ሃገራት ንሃገረን ሰለስተ ነገራት ክዕድጋላ ኣሎወን |
| | ሃነጽቲ ዕማማት/ንጥፈታት<br>ኵለን ሃገራት ሓደ ዓይነት ዕማም የካይዳ<br>እዚ ዕማም ምስ ፈጸማ እንታይ ምኳኑ ንምህምጋም ዘጸግም ካርድ ይወስዳ። |
| **??** | መጻወቲ Quiz<br>ነፍስ-ወከፍ ሃገር ክምልሽኦ ዘለወን ሰልስተ ሕቶታት ይወስዳ።<br>መልሲ ናይቶም ሕቶታት ኣብቲ ንመሰል ቆልዑት ዝጣበቕ ውዑላት ዝሓዘ ደብተር ኣሎ። |
| | ስባር ዜና!<br>ባርኖዝ Barnoz ክህልወኩም ኣሎዎ ወይ ድማ ካብ ባርኖዝ Barnoz ክትላቖቑ ኣሎኩም! |
| | ጸወታ<br>ኵሎም ቆልዑት ናይ ምጽዋት መሰል ኣለዎም ሕጂ ድማ ንገብሮ! |
| | ንይምሰል ዝግበር ተዋሳኦ Charader!<br>እቶም ኣለይቲ መድረኽ ሓደ ስእሊ የልዕሉ እሞ ንዓኡ ዝገልጽ ኢሎም ዝሓሰቡዎ ተዋስኦ ይፈጥሩ ኵለን ሃገራት ነየናይ ኣርእስቲ ከም ዝምልከት ይግምታ።መልሱ ድማ ኣብቲ ውዑላት መሰል ቆልዑት ሰፈሩ ይርከብ። |
| | ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ልምምድ<br>ኵለን ሃገራት ተሓባቢረን ይሰርሓ ! |

tigrinja

Malvaya ሃገር፡ ማልቫያ
ኣብ ሃገርኩም ሓደ ሕሱምን ሃብታምን ንጉስ እዩ ዝገዝእ። እቶም ዝተረፉ ህዝቢ ድማ ድኻታት እዮም። እቶም እኹላት/ዓበይቲ ሰባት ንመግብን መነባብሮን ከተኣኻኽሉ ብዙሕ እዮም ዝሰርሑ። ወለዲ ንደቆም ናይ ቤት-ትምህርቲ ዩኒፎርምን መጻሕፍትን ክዕድጉሎም ኣለዎም፡ እንተዘይኮይኑ ግን ቆልዑት ናብ ትምህርቲ ኣይኸዱን። ብዙሓት ወለዲ ምስ ካልኦት ወለዲ ተላፊኖም ክነብሩ ይመርጹ፡ ግን ከኣ ብዙሕ ምጽባብ ኣሎ።

Ayanado ሃገር፡ኣያናዶ
ኣብ ሃገርኩም እቲ ፕረዚደንት ነታ ሃገር ኣብ ዓለም ዝበለጸት ንኽትከውን እዩ ድልየቱ። ኩሎም ቆልዑት ድማ ኣብ ትምህርቶም ዝለዓለ ነጥቢ ከምጽኡ ይደሊ። ናብ ትምህርቲ ምምልላስ ብናጻ እዩ፡ እቶም ዝለዓለ ነጥቢ ዝረኸቡ ተመሃሮ ድማ ከም ብልጫ ብናጻ ኮምፒዩተር ይወሃቦም። ከም ሳዕቤን እቶም ቆልዑት ብዙሕ ጸቕጢ ከም ዝሓድሮም ዝርድኦም ዓበይቲ የሎዉን፡ብኣኡ ምኽንያት ድማ ብዙሓት ቆሎዑት ኣብ ኣያናዶ ናብ ቤት-ትምህርቲ ምኻድ ይኣብዩ።

Hemroza ሃገር፡ህምሮዛ
ኣብ ሃገርኩም ወለዲ ብኽእዕባ ዝኾነ ይኹን ነገር ዝፈልጡ ኮይኑ እዩ ዝስምዖም፡ደቆም ኣየኖት መሓዙት ክህልዉዎም ከም ዘለዎም፡እንታይ ዓይነት ክዳውንቲ ክለብሱ ከም ዘለዎምን ኣበየናይ ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ክኸዱ ከም ዘለዎምን ይውስኑ። እቶም ቆልዑት ብዛዕባ ሂወቶም ክሓስቡን ክመርጹን ዕድል የብሎምን። ብዙሓት መምህራን ብዛዕባ እዚ ጸገማት እዚ ምስ ወለዲ ይዛረቡ እዮም፡ ግን እቶም ወለዲ ኣይሰምዑዎምን እዮም።

Qudo ሃገር፡ኩዶ
ኣብ ሃገርኩም ኩሉ ህዝቢ ብሕርሻ እዩ ዝነባበር፡ ካብ ቀደም ብዝጸንሐ ባህሊ ድማ ኩሎም ኣጽፋሮም ብፍሉይ ሓምላይ ሕብሪ/ዝማልቶ እንተለኸዩዎ ብርኩት ምህርቲ ኣሕምልቲ ከምጽእ ይኽእል እዩ ካብ ዝብል እምነት እዩ። እዚ ሓምላይ ናይ ኣጽፋር ሕብሪ/ዝማልቶ መርዛም ስለ ዝኾነ ሓካይም ንዜጋታት ኩዶ ካብ ምጥቃሙ ክቕጠቡ ይመኽሩ እዮም፡ እቶም ዓበይቲ ግን ምስማዕ ብምእባይ ምጥቃሞም ይቕጽሉሉ ኣሎዉ።

Sullala ሃገር፡ ሱላላ
ኣብ ሱላላ እምነት ሃይማኖት ዘይሕጋዊ እዩ፡ክትጽሊ ኲነ ብዛዕባ ኣማልኽትኻ ምዝራብ ክልኩል እዩ። ኣብታ ሃገር ዝርከቡ ቆልዑት በዓላት ከኽብሩ፣ሃይማኖታዊ መዝሙር ወይ ድማ ኣብ ጸሎት ክእከቡ ብዘይ ምኽኣሎም ኣዝዮም እዮም ዝሓዝኑ።
ብእኡ ምኽንያት ብዙሓት ነበርቲ ብሕቡእ ይጽልዩ፡ ፖሊስ እንተ ርእዮሞም ይእሰሩ።

Ellayha ሃገር፡ አላይሃ
መብዝሕትኦም ቆልዑት ኣብ አላይሃ ክውለዱ እንከለዉ ለምጫጭ/ለማሽ ጸጕሪ ኣሎዎም፡ ትኽ ዝበለ ጸጕሪ ዘለዎም ሰባት ቅርስስና ሒዞም ከም ዝተወልዱ እዮም ዝቝጸሩ። ትኽ ዝበለ ጸጕሪ ዘለዎም ቆልዑትን ዓበይትን ኣብ ቤት-ትምህርቲ ኮነ ኣብ ስራሕ ተነጽሎ የጋጥሞም። ሕጂ እቲ መንግስቲ  ነቶም ትኽ ዝበለ ጸጕሪ ዘለዎም ዜጋታት ንምሕጋዝ ወሲኑ፡ ግን እቶም ካልኦት ዜጋታት ናይታ ሃገር ነቲ ውሳኔ ብምቅዋም መዓልታዊ ናብ ሰላማዊ ሰልፊ ይወጹ ኣሎዉ።

Alinia ሃገር፡ ኣሊኒያ
ኣብ ሃገርኩም ብዙሕ ባህርያዊ ጽባቔታት/ጺጋታት ኣሎዉኹም፡ ግን እቶም ዝበዝሑ ዓበይቲ ሰባት መርዛማት ከሚካላት ኣብ ዝተፍኡን ነቲ ባህርያዊ ጽባቐታት/ጺጋታት ዘዕንዉን ዓበይቲ ፋብሪካታት እዮም ዝሰርሑ። ኣዞም መርዛማት ከሚካላት እዚኣቶም እንሓንሳብ ብርቱዕ ደርቂ እንሓንሳብ ድማ ብርቱዕ ዝናብ የስዕቡ። ኣብዞም ዳሕረዎት እዋናት ብርቱዕ ዝናብ ብዘኸተሎ ምዕልቕላቓት ምኽንያት ቆልዑት ናብ ትምህርቶም ክኸዱ ኣይከኣሉን።

Rozato ሃገር፡ ሮዛቶ
ንጉስ ናይ ሃገረ ሮዛቶ ካልኦት ሃገራት ጐሓፉተን ኣብ ሃገርኩም ንኽጕሕፉ ንከፍቅደለን ገንዘብ ይኸፍላኦ። ኣብ ዝኸድካዮ ድማ ኣብ ኣግራብ፣ኣብ ገማግም ማያትን ጐደናታትን ጐሓፍ መሊኡ እዩ። ናይ ጐሓፍ ኩርባታት እናዓበየን ኣታኽልትን እንስሳታትን ድማ እናሞቱን እዮም።ማያት ስለ እተመረዘ ክትሰትዮን ክትሕጸበሉን ኣይትኽእልን ጥራይ ዘይኮነ ኣዝዩ ጨናዊ ብምዃኑ ወለዲ ንደቆም ካብ ትምህርቲ ኣብኲሮም ኣብ ገዛ የውዕሉዎም።

tigrinja

Ayosho ሃገር፡ ኣዮሾ
ኣብ ሃገርኩም ኣዋልድ ናብ ቤት-ትምህርቲ ከይከዳ ክልኩላት እየን፡ እታ ሓንቲ ንሰን ዝገብራኣ ዕማም ገዛ ምዀስታርን መግቢ ምስራሕን እያ። ንዝዀነ ይዀን ነገር ዘውሰኑሉን ኣቦታተን እዮም፡ ወረ እንሓንሳብስ ምስ መሓዙተን እውን ኣይራዀባን። ዝበዝሕ ግዜ የመርዕዉወን እዮም፡ ዋላ ከይደለያ እንከለዋ።

Mitokoroto ሃገር፡ ሚቶኮሮቶ
ኣብ ሃገርኩም ዳርጋ ኲሎም ሰባት መካይን የንቀሳቕሱ፡ እዘን መካይን ድማ ካብ መጠን ንላዕሊ ብዙሕ ትኪ ስለ ዝተፍኣ ኣየር ናብ ጠቓር ስለ ዝቐየር ንኸተተንፍሶ ሓደገኛ ይኸውን። እቲ መንግስቲ ህዝቢ ብኣውቶቡሳትን ባቡራትን ክጉዓዝ እዩ ዝደሊ ክቡር ስለ ዝዀነ ግን ዓበይቲ መካይኖም ምንቅሳቓስ ይቕጽሉ።

Jonjolito ሃገር፡ ዮንዮሊቶ
ኣብ ሃገርኩም ኲሎም ሰባት ኣብቲ ”ዓቢ መጽሓፍ/ጽሑፍ” እዮም ዝኣምኑ እቶም ኣብቲ ”ዓቢ መጽሓፍ/ጽሑፍ” ዘይኣምኑ ግና ብሕማቕ እዮም ዝረኣዩ። ዓበይቲ፡ ስራሕ ንምርካብን ናይ ቆልዓ ድጎማዊ ሓገዝ ንኽረኽቡን ይሸገሩ ጥራይ ዘይኮነ ደቆም ኣብ ትምህርቲ ትሑት ነጥቢ እዮም ዘምጽኡ። ኣብ ካልኦት ሃገራት እንተኸድካ ይሓልፈልካ እዩ ዝብል ወረ ይሰምዑ። ብዙሓት ድማ ንዮንዮሊቶ ሓዲጎም ክስደዱ ይሓስቡ።

Khadrata ሃገር፡ ካድራታ
ኣብ ሃገርኩም ብዙሓትን ጽቡቓትን ኣብያተ-ንባብ ኣለዉ፡ ግን እታ መራሒት መንግስቲ ናይ ካድራታ፡ እቶም ኲሎም ንሳ ዝደረሰቶም መጻሕፍቲ ጥራይ ክህልዉን ኩሉ ሰብ ድማ ንዓኣቶም ከንብብ ክግደድ ከም ዘለዎን ወሲና። ነበርቲ እታ ሃገር ዋላ እኳ ካልኦት ቋንቋታት ዝዛረቡ ህዝቢ እንተ ሃለዉ ኲሎም ብቋንቋ ክድራታ ጥራይ ክዛረቡ ኣሎዎም።

tigrinja

ሰማያዊ
ሃነጽቲ ተልእኾታት/ዕማማት

ሓደ ዝኾነ ገጸ-ባህርይ ዘለዎ ሰብ መሃዝ። ሓደ ኣብ ሃገርኩም ዝርከብ ቆልዓ ንዓታትኩም/ህዝቢ ኣገዳሲ ኣበርክቶ ዝገበረ ምኳን ኣሎዎ። ድሕሪኡ ንዓና ብዛዕባ እቲ ቆልዓ ተዘንትዉልና እቶም ኣለይቲ መድረኽ ድማ ብዛዕባ እቲ ቆልዓ ሕቶታት ከቕርቡልኩም እዮም።

ኩሎም ቆልዑት ከጻወቱን ባህ ክብሎምን መሰል ኣሎዎም። ንስኻ ንኽትጻወቶ ባህ ብዛዕባ ዝብለካ ጸወታ እስከ ኣዕልለና።

ሓደ ዓቢ ከም ጐረቤት እትፈልጥዎ ሰብ ከምዚ ይብል: "ኣን ንእሽቶን ዘይለበምኩን እንከለኹ ኣብ ደገ ቀኑሪ እንከሎ ቆቡዕ ኣይወድን ነይረ። ሕጂ ግን ምስ ዓበኹን ምስ ለበምኩን ቀኑሪ እንከሎ ብዘይ ቆቡዕ ኣይወጽእን!"
እሞ ምስ እዚ ኣበሃህላ ጐረቤትኩም፡ንእሽቶ ዓሻ ዓቢ ግን ለባምዩ ዝበሎስ ትሰማምዕሉዶ?

ሓደ ግጥሚ ጸሓፍ (ሓጺር ጽሑፍ) ትሕዝቶኡ ድማ ቆልዑት ዝደለዩዎን ዝሓሰቡዎን ንኽዛረቡ መሰል ከም ዘሎዎም፡ እዚ ድማ ኣብ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ መሰል ከም ዝኾነን ኣብ ሸወደን ድማ ሕጊ ምኳኑን።

ታሪኽ ናይ ሓደ ንዓለም ገለ ኣገዳሲ ኣስተዋጽኦ ዝገበረ ቆልዓ ከተንብቡ ኢኹም። ብዛዕባዚ ንስኻትኩም ዝያዳ ኣገዳሲ እዩ ዝበልኩሞ መሪጽኩም ንዓና ኣዘንትዉልና።

ብኣካልትኩም ሓደ ሓወልቲ ስርሑ፡እዚ ድማ ብሓንሳብ ኰንኩም ቈምኩም፡ ንሓጺር ግዜ ከይተንቀሳቐስኩምን ብስቕታን ደው ትብሉ። እዚ ሓወልቲ እዚ ኣብ ሃገርኩም ብዝያዳ እንታይ ዓይነት ለውጢ ከተምጽኡ ከም እተደልዩ ዘርኢ ይኸውን። ንሕና እዞም ካልኦት ድማ እቲ እተርእዩና እንታይ ኮን ይኸውን ኢልና ንግምት።

ዓበይቲ ንሓደ ካብቶም ኣብ ውዑል መሰላት ቆልዑት ሰፌሮም ዝርከቡ ዓናቕጽ ዝግህሱ ሕሰቡ።ነቲ እቶም ውዑላትን ዓናቕጽን ሒዙ ዘሎ ደብተር ተጠቐሙ። ብዛዕባ ሓደ ነገር ሓሲብኩም ምስ ወዳእኩም፡ ብኣካላትኩም ሓወልቲ ትሰርሑ፡ብሓንሳብ ኰንኩም ቈምኩም ንሓጺር ግዜ ከይተንቀሳቐስኩምን ብስቕታን ደው ትብሉ። እቶም ኣለይቲ መድረኽ ድማ እቲ ሓወልቲ ኣንታይ ትርጉም ከም ዘለዎ ይግምቱ።

ብዛዕባ ሓንቲ ቆልዑት ንኽነብሩላ እትምችእ ሃገር ኣብ ሓሳብኩም ብምቕራጽ ሓደ ዛንታ/ጽውጽዋይ ፍጠሩ/ምሃዙ፡ ማለት ሓንቲ ዘየላ ሃገር ክነሳ ግን ክኣ ክትህሉ እትደልዩዋ። እቲ ዛንታ/ጽውጻዋይ "ካብ ዘመናት ሓደ ግዜ ነብረ...."
ብዝብሉ ቃላት ጀሚርኩም "ስኒፕ፣ስናፕ፣ስኑት እቲ ዛንታ ኣብዚ ይውዳእ" ኢልኩም ትውድኡ። ነቲ
ዛንታ/ጽውጽዋይ ንዓና ነቶም ካልኦት ተንብቡልና።

ኩሎም ሰባት ብዛዕባ መሰላት ቆልዑት ኣፍልጦ ክህልዎም ይግባእ
ብሽምኡ ድማ ማንም ኣብ ከቢድ ኩነታት ኣይወድቕን።
ኩሎም ቆልዑት ናይ ምጽዋት መሰል ኣሎዎም ዝትሕዝቶኡ ግጥሚ ጽሓፍ
ዓበይቲ ብዛዕባዚ ክወላወሉ ከም ዘይብሎም።

ብዛዕባ መነባብሮን ኩነታትን ቆልዑት ንምምሕያሽ ዝሰርሕ ሓደ ውድብ ሓጺር መግለጺ ተንብቡ። ነዚ ውድብ እዚ ኣየናይ ኣርማ እዩ ዝገልጾ ኢልኩም ሓሲብኩም ትስእሉ። ድሕሪኡ ሓሳብኩም እንታይ ምኳኑ ትገልጹልና እቲ ስእሊ እውን ተርእዩና።

ኣብዚ ስእሊ ሓደ ምስ ሓደ ዓቢ ሰብ ክኸውን እንከሎ ምርግጋእ ዝሰምዖ ቆልዓ ትዕዘቡ። ነቲ ስእሊ ንገለ ግዜ ረኣዩዎ። ድሕሪኡ ኣብታ ሃገር ኰንኩም ብዛዕባ እዚ ሕቶ እዚ ተመያየጡ:እቲ ቆልዓ ምርግጋእ ንኽሰምዖ እቲ ዓቢ ሰብ እንታይ ክገብር ኣሎዎ ኢልኩም ትሓስቡ? ድሕሪኡ ንዓና ነቶም ካልኦት ብዛዕባ እንታይ ከም ዝተመያየጥኩም ትነግሩና።

ብዛዕብ ኲነታት ናይ ኣብ ሀገራትኩም ዝርከቡ ቆልዑት ንምብራህ ዝዓለመ ሰላማዊ ሰልፊ ክትወጹ ደሊኹም። ብሓንሳብ ኰንኩም ኣብቲ ታበላታት እንታይ ዝብሉ ጭርሖታት ክሰፍሩ ከም ዘለዎም ትውስኑ። ኣብ ሓደ ቆጽሊ ወረቐት- A4 ኣስፊርኩም ንዓና ነቶም ካልኦት ተርእዩና። ሓቢርኩም ክትሰርሑ ከም ዘሎኩም ኣይትረስዑ።

## ወጠርቲ ሕቶታት

1. ኣብ ውዑል መሰላት ቆልዑት ክንደይ ዓናቕጽ ኣሎዉ?
2. ብመሰረት ውዕል መሰላት ቆልዑት ቆልዓ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ክሳብ ኣየናይ ዕድመ እዩ?
3. ቆልዓ ኣየናይ እምነተ-ሃይማኖት ክኽተል ከም ዘለዎ ዓበይቲ ክውስኑሉ ኣሎዎም ድዩ?
4. ውዕል መሰላት ቆልዑት ነየኖት ቆልዑት እዩ ዝምልከት?
5. ውዑል መሰላት ቆልዑት እንታይ እዩ?
6. ኣብ ልዕሊ ሓደ ቆልዓ ዝዓበየ ሓላፍነት ዝስከሙ ኣየኖት ዓበይቲ እዮም?
7. ሓደ ቆልዓ ክልተ ወለዲ እንተ ኣልዮሞ፡ ሓደ ካብቶም ወለዲ ብዘይ ድልየት ናይቲ ካልኣይ ወላዲ፡ ነቲ ቆልዓ ሒዙ ናብ ካልእ ሃገር ክግዕዝ ይኽእልዶ?
8. ኩሎም ቆልዑት ሓሳቦም ናይ ምግላጽ መሰል ኣለዎምዶ? ማለት ዝደለዩዎ ክዛረቡን ክሓስቡን?
9. ዓበይቲ ቆልዑት መዓልታዊ ዝጽሕፍዎም መዘክራት፣ኤስ.ኤም.ኤስ.፣ደብዳበን ኢ-መይልን ብዘይ ኣፍልጦን ፍቓድን ቆልዑት ከንብቡ ይኽእሉ ድዮም?
10. ቆልዑት ናይ ምጽዋት መሰል ኣሎዎምዶ?
11. ሓደ ቆልዓ ስራሕ ምስ ዝጅምር (ክረምታዊ ስራሕ ወይ ድማ ስራሕ ኣብ ግዜ ብዓላት) ደሞዙ መን ይወስዶ? እቲ ቆልዓዶ ወይስ ወለዲ?
12. ወለዲ ንመባእታዊ ትምህርቲ ማለት ካብ (ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ 9ይ ክፍሊ) ክንደይ ዝኣክል ይኸፍሉ?
13. ሓደ ዓቢ ሰብ ንኣብነት ሓደ መምህር ስም ናይ ሓደ ቆልዓ ንኽዝክሮ ስለ ዘኸብዶ ብኻልእ ስም ክጽውዖ ይኽእልዶ?

## መልሲ ወጠርቲ ሕቶታት

1. ውዑል መሰላት ቆልዑት 54 ዓናቕጽ ኣለዉዎ
2. ብመሰረት ውዑል መሰላት ቆልዑት ቆልዓ ተባሂሉ ዝጽዋዕ እቲ ቆልዓ ክሳብ 18 ዓመት ዝመልእ እዩ (ዓንቀጽ 1)
3. ኣይፋል፡ኣየናይ እምነተ-ሃይማኖት ክትክተልን ከይትኽተልን ባዕልኻ ኢኻ እትውስን (ዓንቀጽ 14)
4. ውዕል መሰላት ቆልዑት ድሕረ-ባይታኦም ብዘየገድስ፡ንኹሎም ኣብታ ሃገር ንዝነብሩ ቆልዑት ይምልከት (ዓንቀጽ 2)
5. መሰላት ኩሎም ቆልዑት ዝምልከት ሰነድ/ዝርዝር እዩ፡፡ኣብ ግብሪ ንኽውዕሉ ዝገብሩ ድማ ዓበይቲ እዮም።
6. ወለዲ/ወላዲ እቲ ቆልዓ ከምኡውን/ወይ ድማ ሞጉዚት እዮም ኣብ ልዕሊ እቲ ቆልዓ ዝዓበየ ሓላፍነት ዝስከሙ። እንሓንሳብ ሓገዝ የድልዮም ይኸውን። (ዓንቀጽ 18)
7. ኣይፋል፡እቲ ቆልዓ ክልተ ወለዲ ዘለዎ እንተ ኾይኑ ክልተኦም ክሰማምዕሉ ኣሎዎም። (ዓንቀጽ 11)
8. እወ፡ ኩሎም ቆልዑት ሓሳቦም ናይ ምግላጽ መሰል ኣለዎም (ዝደለዩዎ ክዛረቡን ክሓስቡን)። ቆልዑት ርእይቶኦም ንምግላጽ ብጽሑፍ፣ብምዝራብ፣ብቐብኢ፣ሙዚቃ ብምስራሕ፣ብምንባብ ወዘተ ክጥቀሙ ይኽእሉ። (ዓንቀጽ 13)
9. ኣይፋል፡ቆልዑት ግላዊ ሂወት ክህልዎም መሰሎም እዩ።(ዓንቀጽ16)
10. እወ፡ ኩሎም ቆልዑት ንኽጻወቱ፣ንኽዕርፉን ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ክህልዎምን መሰል ኣለዎም። ቆልዑት ኣብ ትርፊ ግዜኦም ባህ ዝብሉዎም ንጥፈታት፡ንኣብነት ከም ምንቅስቓስ ኣካላትን/ስፖርትን ሳዕስዒትን ዝኣመሰሉ። (ዓንቀጽ31)
11. እቲ ቆልዓ ዝሰርሕ እንተኾይኑ እቲ ቆልዓ እዩ ክኽፈል ዘለዎ። (ዓንቀጽ 32)
12. ኩሎም ቆልዑት ናብ መባእታዊ ቤት-ትምህርቲ ክመላለሱ መሰል ኣለዎም፡ወለዲ ዝኸፍሉዎ ገንዘብ የልቦን። (ዓንቀጽ 28)
13. ኣይፋል፡ ኩሎም ቆልዑት ብስሞም ክጽውዑ መሰሎም እዩ። (ዓንቀጽ 7)

tigrinja

ሰማያዊ
ዘይግሉጻት ንምግማት ዘጸግሙ ኣሳእል Mystiska kort

ኣብ ካልኣይ እግሪ እቲ ናይ ጸወታ መጋበርያ ኣብ ኣልማዝ ምስ እትዓልብ ካብ ምዕዳግ ድማ ትእገዱ።

ድሕረኡ ድማ እቲ ናይ ጸወታ መጋበርያ ኣብ ኣልማዝ ይዓልብ ሽዑ 2 ነገራት ትዕድጉ።

ሓደ ካብቶም ዝዓደግኩሞም ነገራት ትመልሱ!

Megakort ግዙፍ ስእሊ!
ጸኒሑ እቲ ናይ ጸወታ መጋበርያ ኣብ ኣልማዝ እንተዓሊቡ 4 ነገራት ትዕድጉ።

200 000 ባርኖዝ ትወስዱ!

400 000 ባርኖዝ ትወስዱ!

200 000 ባርኖዝ ክትመልሱ ኣሎኩም !

ሓደ ካብቶም ዝዓደግኩሞም ነገራት ትመልሱ!

tigrinja

ንእሽቶ ኣልማዝ

እንቋዕ ደስ በለኩም!

ንእሽቶ ኣልማዝ ንኹለን ሃገራት ነንሃገረን ዘድሊ ሓደ ነገር ንኽዕድጋ ዕድል ይህበን!
ብዙሓት ካብተን ሃገራት ሓደ ዓይነት ነገር ክዕድጋ ምስ ዝደልያ፡ እሞ እቲ ዝድለ ዘሎ ነገር ብምውሓዱ ዝኣክል ንኹለን ዘይኣኽለን ምስ ዝኸውን፡ እተን ሃገራት ኣብ ሓድ-ሕደን ብምዝርራብ ከም ገለ ገይረን ይፈትሓኦ።
እቲ ኣላይ መድረኽ፡ እተን ሃገራት ብሰላማዊ ኣገባብ መዕለቢ ከም ዝገብራሉ ይገብር።
ጽቡቕ ዕድል!

ማእከላይ ዝግዝፉ ኣልማዝ

እንቋዕ ደስ በለኩም!
ሓደ ማእከላይ ግዝፊ ዘለዎ ኣልማዝ ነተን ኩለን ሃገራት ነንሃገረን ዘድልዩ ክክልተ ነገራት ንኽዕድጋ ዕድል ይህበን!
ብዙሓት ካብተን ሃገራት ሓደ ዝዓይነቶም ነገራት ክዕድጋ ምስ ዝደልያ፡እሞ ብምውሓዶም ዝኣክል ንኹለን ዘይኣኽሉ ምስ ዝኾኑ፡እተን ሃገራት ኣብ ሓድ-ሕደን ብምዝርራብ ከም ገለ ገይረን ይፈትሓኦ።
እቲ ኣላይ መድረኽ፡ እተን ሃገራት ብሰላማዊ ኣገባብ መዕለቢ ከም ዝገብራሉ ይገብር።
ጽቡቕ ዕድል!

ዓቢ ኣልማዝ

እንቋዕ ደስ በለኩም!

ሓደ ዓቢ ኣልማዝ ነተን ኩለን ሃገራት ነንሃገረን ዘድልዩ ክክልተ ነገራት ንኽዕድጋ ዕድል ይህበን!
ብዙሓት ካብተን ሃገራት ሓደ ዝዓይነቶም ነገራት ክዕድጋ ምስ ዝደልያ እሞ ብምውሓዶም ዝኣክል ንኹለን ዘይኣኽሉ ምስ ዝኾኑ፡እተን ሃገራት ኣብ ሓድ-ሕደን ብምዝርራብ ከም ገለ ገይረን ይፈትሓኦ።
እቲ ኣላይ መድረኽ፡እተን ሃገራት ብሰላማዊ ኣገባብ መዕለቢ ከም ዝገብራሉ ይገብር።
ጽቡቕ ዕድል!

tigrinja

ሮዛ
ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ልምምድ

ብኣካላትኩም ሓደ ቅርጺ ትሰርሑ!
ኩሉኹም ኣብ ሓደ ዓንኬል ትቖሙ፡ በብተራ ሓደ ሰብ ናብቲ ዓንኬል/ቀለቤት ብምእታው "ኣነ...እየ" ብምባል ንኣካላቱ ናብ ዘይንቀሳቐስን ስቕ ዝበለ ምስሊ/ሓወልቲ የምስሎ። ቴማ ናይቲ ምስሊ/ሓወልቲ ንቕልዑት ዝሓይሽ (ንኣብነት "ኣነ ቤት-ትምህርቲ እየ") ዝብል ይኸውን።እቲ ናይ መጀመርታ ሰብ ምስ ወድኣ ኣብታ ዘለዋ ይጸንሕ፡ካልእ ሰብ ድማ ይቕጽል። ኩሎም ነናቶም ምስሊ/ሓወልቲ ገሮም ክሳብ ዝውድኡ ኩሎም እቶም ካልኦት ኣብ ዘዘለዉዎ ይጸንሑ።
ኩሉኹም ብሓንሳብ ኰንኩም ሓደ ምስሊ/ቅርጺ ሰሪሕኩም!

4 hörn ኩርናዓት
ንቕልዑት ኣየናይ ሞያ እዩ ኣገዳሲ ዝኸውን?
ኣላይ እቲ ጸወታ ነቶም ጸለምቲ ትርብዒታት ኣብ ኣርባዕተ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ይኸፍሎም:

1. መምህር
2. ፖሊስ
3. ሓኪም
4. ካልእ ሞያ

ሕጂ እቶም ተሳተፍቲ ኩርናዕ ይመርጹ፡ኣብኡ ኮይኖም ምስቶም ምስኦም ኣብታ ኩርናዕ ዘለዉ ስለምንታይ ነቲ ሞያ እቲ ከም ዝመረጹዎ ይመያየጡ። ድሕረኡ ነቶም ካልኦት ይነግሩዎም፡ እቲ ኣላይ ጸወታ ድማ ካብቲ ዘለዎ ኩርናዕ ናብ ካልእ ኩርናዕ ክቕይር ዝደሊ እንተልዩዎም ይሓትት።

ሓደ መሰላት ቆልዑት ዝብል ውድብ ትምስርቱ!
ኩለን ሃገራትኩም ጸገማት ኣሎዉወን፡ሕጂ ሓደ መሰላት ቆልዑት ዝብል ውድብ ትምስርቱ እሞ ኣብ ሀገራትኩም ክገብሮም ዘለዎ ዕማማት እንታይ ክኾኑ ከም ዘለዎም ትሰማምዑ። እቲ ውድብ እንታይ ስም ይህልዎ? እንታይክ እዩ ክሰርሕ? ክትትሓባበሩ ከም ዘሎኩም ኣይትረስዑ።

ኣየናይ መሰል እዩ ጐዲሉ?
ኣብዚ ውዕል መሰላት ቆልዑት እንታይ ዝጐደለ ኣሎ ኢልኩም ትሓስቡ? ነቲ ውዕል መሰላት ቆልዑት ዝሓዘ ደብተር እናገንጸልኩም ብዛዕባ ሃገራትኩም ተመያየጡ።ድሕረኡ ምስ እተን ካልኦት ሃገራት ብዛዕባኡ ተዘራረቡ፡ ብዛዕባ ኣየናይ ኣርእስቲ ኣብቲ ውዕል መሰላት ቆልዑት ክትጽሕፉ ከም እተደልዩ ድማ ትሰማምዑ።
ክትተሓባበሩ ከም ዘሎኩም ኣይትረስዑ።

ገንዘብ ለግስ/ሃብ!
እቲ ኣላይ ጸወታ እቲ ጸወታ ክጅመር እንከሎ ናይ ዘይነበረት ሃገር ካርድ/ስእሊ ኣልዒሉ ይገልጸልኩም። ኣርባዕቲኣን ሃገራት ድማ ነታ ሃገር ንዘለዉዋ ጸገማት ንምፍታሕ ዘኽእላ ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ ከዋጽኣላ ከም ዘለወን ይሰማምዓ። ካብ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ናይ ገንዘብ ማዕከን ማዕረ ዓቐን ገንዘብ ክወጽእ/ክኸፈል ኣለዎ።
ክትተሓባበሩ ከም ዘሎኩም ኣይትረስዑ።

tigrinja

ወይናይ/ጰርጰራ
ጸወታታት

1–7
ኩሎም ተሳተፍቲ ኣብ ሓደ ዓንኬል/ቀለቤት ይቖሙ።
ሓደ ሰብ ቍጽሪ 1 እናሰደደ ድምጹ ከፍ ብምባል ቀ፡ጽሪ 1ይብል፡ነቲ ቀ፡ጽሪ ናበየናይ ሸነኽ ከም ዝሰዶ ብዝውስኖ፡ የማናይ ከብዲ ኢዱ ኣብ ጸጋማይ መንኩቡ ወይ ድማ ጸጋማይ ከብዲ ኢዱ ኣብ የማናይ መንኩቡ የንብር።
ንየማን ሸነኽ እንተሰዲዱዋ እቲ ብየማን ዘሎ ሰብ 2 ብምባል፡ ከብዲ ኢዱ ናብ የማናይ ወይ ጸጋማይ መንኩቡ ኣንቢሩ ንቍጽሪ 2 የመሓላልፋ። እቲ ንቍጽሪ 2 ዝተቐበለ ሰብ ድማ የመሓላልፋ።
እዚ ክሳብ ቀ፡ጽሪ 7 እትመጽእ ከምኡ እናበለ ይቕጽል፡ ሽዑ ሓደ እታ ቀ፡ጽሪ ናበይ ሸነኽ ከም ዝሰዳ ብመንኩቡ ኣብ ክንዲ ምርኣይ፡ከብዲ ኢዱ ኣብ ርእሱ ኣንቢሩ 7 ይብል፡እቶም ኣጻብዕቲ ኢዱ ናብ ዘመልክቱዎ ሸነኽ ድማ ነታ ቀ፡ጽሪ ይሰዳ። ቀ፡ጽሪ 7 ምስ ተጸውዐት ኩሉ ከም ብሓድሽ ካብ ቀ፡ጽሪ 1 ይጅምር።
ሓደ ተሳታፊ ገለ ነገር እንተ ስሒቱ ወይ ጌጋ እንተጸዊዑ ኣብ ዙርያ እቲ ዓንኬል/ቀለቤት ሓደ ግዜ ይጎዩ።

Drak-Ulla ድራክ-ኡላ
ብዘይካ ሓደ፡ ኩሎም ተሳተፍቲ ሓደ ዓንኬል/ቀለቤት የቑሙ፡ ሓደ ሰብ ኣብ ማእከል እቲ ዓንኬል/ቀለቤት ቆይሙ ነእዳዉ ከም ሓደ ጭራቕ/ግናይ ”monster” ብምዝርጋሕ ድራክ-ኡላ Drak-Ulla ይኸውን።
ድሕሪኡ ድራክ-ኡላ ቀስ ኢሉ ናብ ሓደ ካብቶም ከቢቦም ዘለዉ ሰባት ትኽ ኢሉ ብምኻድ ክሕዞ ይፍትን፡ እቲ ሰብ ክተሓዝ እንተ ዘይደልዩ ስም ናይ ካልእ ኣብቲ ክቢ ዘሎ ተሳታፊ ክጽውዕ ኣሎዎ፡ ሽዑ ድራክ-ኡላ ብቕጽበት ኣንፈቱ ብምቕያር ነቲ ስሙ ዝተረቕሐ ሰብ ክሕዞ ይፍትን።
ዝተሓዝ ሰብ ምስ ዝህሉ ንባዕሉ ድራክ-ኡላ ይኸውን።

Hi haj ho! ሂ ሃይ ሆ!
ኩሎም ተሳተፍቲ ሓደ ዓንኬል/ቀለቤት የቑሙ።
ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ሰብ እናጠመተ ኽልተኦም ኣእዳዉ ትኽ ኣቢሉ ቕርጺ ኵናት ብምስራሕ ናብቲ ሰብ እናመልከተ ሂ HI ኢሉ ይጽውዕ።
እቲ ሂ HI (እቲ ዝተጠቄመ ሰብ) ዝተባህለ ብግደኡ፡ክልተኡ ኣእዳዉ ከም ኵናት ሰሪሑ ኣብ ልዕሊ ርእሱ ሃይ HAJ እናበለ የድምጽ።

እቶም ብየማንን ጸጋምን ናይ እቲ ሃይ HAJ ኢሉ ዘድመጸ ሰብ ቀሪቦም ዘለዉ ሰባት፡ ኣእዳዎም ከም ኵናት ብምስራሕ ናብ ጐድኒ እቲ ሃይ HAJ ኢሉ ዘድመጸ ሰብ ሆ HO እናበሉ ይዝርግሑዎም።

እቲ ሃይ HAJ ኢሉ ዘድመጸ ሰብ ናብ ካልእ ሰብ እናጠመተ ሂ HI ይብል ወዘተ።

ሓደ እንተ ተጋግዩ ካብቲ ጕጅለ ይእለ/ይለግስ።
እቶም ዝተረፉ ኩሎም ከይተንቀሳቐሱ ኣብ ዘዘለዉዎ ይጸንሑ፡ከምኡ እናበለ ክሳብ ክልተ ዝተርፉ እቲ ጸወታ ይቕጽል ድሕሪኡ እቲ ጸወታ ብውድድር ይውዳእ።
እቶም ክልተ ሰባት ሕቖ ንሕቖ ተወሃሂቦም ይቖሙ እቲ ጕጅለ ነቲ ውድድር ዝኣልዮ ሰብ ይመርጽ።እቲ ነቲ ውድድር ዝኣሊ ሰብ ንኣብነት ዝተፈላለዩ ኣዋርሕ ይጽውዕ፡ እቶም ተወዳደርቲ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዝተጸወዐት ወርሒ ሓደ ስጕምቲ ንቕድሚት ይስጉሙ። እቲ ኣላይ ውድድር ንኣብነት ስም ናይ ሓደ ኣብ ሰሙን ዝርከብ መዓልቲ እንተ ጸዊዑ ግን ቀልጢፎም ተገልቢጦም ፊት ንፊት ይኾኑ፡እቲ ቐዲሙ ዝተገልበጠ ሰብ ዕዉት ይኸውን።

tigrinja

## Qudrats lek ጸወታ ኲድራትስ

ኵሎም ተሳተፍቲ ሓደ ዓቢ ዓንኬል/ቀለቤት የቚሙ ሓደ ሰብ ግን ኣብ ማእከል እቲ ዓንኬል/ቀለቤት ደው ይብል።
እቲ ኣብ ማእከል ደው ዝበለ ይዕመት (ኣብዚ ዝቐልል እንተ ኹይኑ መሸፈኒ ኣዕይንቲ ትጥቀም)።
እቲ ኣብ ማእከል ደው ዝበለ ሰብ ዓው ኢሉ ኪዱ ይብል! እቶም ኵሎም ከቢቦም ዘለዉ ቀስ እናበሉ ኣብቲ ዓንኬል ይዞሩ።
እቲ ኣብ ማእከል ደው ዝበለ ኣብ ዝኾነ ግዜ ደው በሉ ክብል ይኽእል፡ኵሎም ድማ ደው ይብሉ፡ ሽዑ እቲ ኣብ ማእከል ደው ዝበለ ሰብ ከይረኣየ፡ሓደ ደው ዝበለ ሰብ ኣሎ ኢሉ ናብ ዝሓሰቦ መዳይ ብኢዱ የመልክት። ዝተመልከተሉ ሰብ እንተ ኣልዩ ካብቲ ዓንኬል ይወጽእ።
እንደገና እቲ ኣብ ማእከል ደው ዝበለ ሰብ ኪዱ ይብል እሞ ኵሎም ክኸዱ ይጅምሩ።
እቲ ኣብ ማእከል ደው ዝበለ ሰብ ንኵሎም ኣመልኪቱ ክሳብ ዝውድእ እቲ ጸወታ ይቕጽል።

<u>መሓዛ ምስራቕ</u>
ንሓደ ሰብ ገዲፍካ ንኹሎም በብጽምዲ ከፋፊልካ ሓደ ኣብ ቅድሚ እቲ ካልኣዩ ደው ከምዝብሉ ብምግባር ውሽጣውን ግዳማውን ዓንኬላት ትሰርሕ።እቶም ኣብቲ ግዳማዊ ዓንኬል ደው ዝበሉ ሰባት ኣእዳዎም ንጐድኒ ይዝርግሑ።
እቲ ብዘይ ብጻይ ዝተረፈ ሰብ በይኑ ደው ኢሉ ስም ናይ ሓደ ካብቶም ኣብቲ ውሽጣዊ ዓንኬል ዝርከቡ ብምጽዋዕ ሓደ ብጻይ ክሰርቕ ይደሊ። እቲ ስሙ ዝተረቕሐ ሰብ ብቑልጡፍ ናብቲ ዝረቐሖ ሰብ ክኸይድ ይፍትን። እቲ ብድሕረኡ ደው ዝበለ ሰብ ድማ ብኣእዳዉ ኣብ መንኲቡ ሒዙ ንኸይጐዪ ክኽልክሎ ይፍትን።

<u>ሰለስተ ነገራት</u>
ኵሎም ተሳተፍቲ ደው ኢሎም ወይ ድማ ኮፍ ኢሎም ሓደ ዓንኬል ይሰርሑ። ኵሎም ድማ ብሓይሉ-ቃል ነቲ ድምጺ ብዘሰኒ ሰለስተ ግዜ ሰለፎም እናወቕዑ/እናጣቕዑ: ”ሰለስተ ነገራት!” ይብሉ፡ ሓደ ሰብ ነቲ ምሉእ ሓሳብ ብምምላእ ነቲ ኣብ ጥቓኡ ዘሎ ሰብ ንኣብነት : ”... ኣብ ክፍልኻ ዘሎ!” ኢሉ ይሓቶ፡ሽዑ እቲ ሰብ ቀልጢፉ ኣብ ክፍሉ ዝርከቡ ሰለስተ ነገራት ብምጥቃስ ይምልሽ። ድሕረኡ ኵሎም ከም እንደገና: ”ሰለስተ ነገራት!” ይብሉ፡እቲ መልሲ ዝሃበ ድማ ከምዚ ኢሉ ይሓትት: ”... ኣብ ሳእንኻ ዘሎ!”።
ብቑልጡፍ ንክኸይድ ኣተባብዕ፡ኣቶም ኣብ ክፍልኻ፣ሳእንኻ፣ሳንጣኻ ኣሎዉ ዝብሃሉ ዘለዉ ነገራት ኣብ ሓቂ ዝተመርኮሱ ምዃን ኣየድልዮምን።

tigrinja

<u>ማሽን ሓጸቢት ክዳን</u>
ብዘይካ እቲ ነቲ ጸወታ ዝመርሕ ሰብ ኩሎም ሓደ ዓንኬል/ቀለቤት የቑሙ፡ እቲ ጸወታ ዝመርሕ ኣብ ማእከል እቲ ዓንኬል/ቀለቤት ደው ይብል።
እቲ መራሒ ብኢዱ ናብ ሓደ ሰብ እናመልከተ ከምዚ ዝስዕብ ይብል:
፡ ብኽልተኡ ሸነኽ ብኣእዳዎም ከም ሓደ ዓቢ ርቡዕ ኩርናዕ የምስሉዎ። ስእሊ ቊጽሪ 1 ርአ።

ባኒ መጥበሲ!
እቲ ሰብ ንላዕልን ንታሕትን እናዘለለ ደጋጊሙ "ባኒ መጥበሲ" ይብል።እቶም ብቐረባ ብየማኑን ብጸጋሙን ዘለዉ ሰባት ኣእዳዎም ናብቲ ኣብ ማእከል ዘሎ ሰብ ይዝርግሑ። ስእሊ ቊጽሪ 2 ርአ።

ብኣለክትሪክ ዝሰርሕ መበጽበጺ!
እቲ ሰብ ክልተኡ ቀላጽሙ ንላዕሊ ትኽ ኣቢሉ ከም ቅርጺ V የምስሎም። እቶም ብቐረባ ብየማኑን ብጸጋሙን ዘለዉ ሰባት ከም ሓደ ብኣለክትሪክ ዝሰርሕ መበጽበጺ ኣብ ዙርያ ነናይ ባዕሎም መንኮብ የዙርዎ። ስእሊ ቊጽሪ 3 ርአ።

ድሕሪኡ እቲ መራሒ ናብ ካልእ ሓድሽ ሰብ እናመልከተ ካልእ መምርሒ/ትእዛዝ ይህብ።

ዝጋገ ሰብ እንተልዩ ንሱ መራሒ ይኸውን።

ስእሊ ቊጽሪ 1
ስእሊ ቊጽሪ 2
ስእሊ ቊጽሪ 3

tigrinja

ሃሳስ ቀጠልያ/ሓምላይ
እዋን ናይ ይምሰል ዝግበር ተዋስኦ (Charader)!

እቶም ኣለይቲ መድረኽ ሓንቲ ካርድ ይመዞ፡ ኣብታ ካርድ ድማ ካብ ውዑል መሰላት ቆልዑት ዝወጸ ሓደ ዓንቀጽ ኣሎ ብኣኡ ድማ ናይ ይምሰል ተዋስኦ ይሰርሑ።
እቶም ኣለይቲ መድረኽ ኣየናይ ዓንቀጽ ይኸውን ዘርእዩና ኢልኩም እትሓስቡዎ መዘከር ኣብ እትጽሕፉሉ ደብተራትኩም ትጽሕፉ።
ድሓር እቶም ኣለይቲ መድረኽ ካብ ሓንቲ ሃገር ናብታ ሓንቲ እናኸዱ መልስታትኩም ይርእዩ።
ነተን ካልኦት ሃገራት ከተርእዩወን ከም ዘይብልኩም ሕሰቡ።
ጽቡቕ ዕድል!

ኩሎም ቆልዑት ኣብ ሰላምውያን ርክባትን ሰላማዊ ሰልፍታትን ክሳተፉ መሰል ኣሎዎም።

ኩሎም ቆልዑት ዝደለዩዎ እምነትን ኣምላኽን ክኽተሉን ወይ ድማ ዝኾነ ኣምላኽ ንከየምልኹን መሰል ኣሎዎም።

ኩሎም ቆልዑት ናብ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ክኸዱ መሰል ኣሎዎም።

እቲ ቆልዓ ብዘይ ድልየቱ ዋላ ሓደ ኣካላቱ ክትንክፎ የብሉን።

ኩሎም ቆልዑት ጋዜጣ ብምንባብ፣ቲቪ ብምርኣይ፣ረድዮ ብምስማዕ፤ኣብ ኢንተርነት ብምእታው፡ነገራት ክከታተሉ መሰል ኣሎዎም።

ኩሎም ቆልዑት ክጻወቱ፣ክዕርፉን ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ክህልዎምን መሰሎም ኣለዎም።

ኩሎም ቆልዑት ግላዊ ሂወት ክህልዎም መሰል ኣሎዎም። ዓበይቲ ቆልዑት ዝጽሕፍዎ መዘከር፣ደብዳቤ፣ኢ-መይል ወይ ድማ ኤስ.ኤም.ኤስ ከንብቡ የብሎምን።

ማንም ሰብ ቆልዓ ክዕድግን ክሸይጥን የብሉን።

ዓበይቲ፡ ቆልዑት ንኣብነት ኣልኮልን ዘደንዝዙ ባእታታትን ንኸይወስዱ ክከላኸሉሎም ኣሎዎም።

ኩሎም ቆልዑት ሕክምና ክረኽቡ መሰል ኣሎዎም።

tigrinja

ድሙቕ ቀጠልያ/ሓምላይ

ስባር ዜና

ኣብ መንጎ ሃገራት ምትሕግጋዝ ዝበሃል ውድብ፡ኣብ ሃገርኩም ናይ ዝርከቡ ቆልዑት መነባብሮ ንምምሕያሽ ዝውዕል ኣብ ዓመት 200 000 ባርኖዝ ይሕግዝ።

ኣብ ጐረቤትኩም ዝኾነት ሃገር ሊንዲዮዛ ዝርከቡ ናይ ፖሊቲካ ሰባት ኣብ ሀገርኩም ናይ ዝርከቡ ቆልዑት መነባብሮ ንምምሕያሽ ዝውዕል 400 000 ባርኖዝ ንኽልግሱ ወሲኖም።

ኣብ ኣድናማ እትበሃል ሃገር ምንቅጥቃጥ መሬት ስለ ዘጋጠመ ኣብ መንጎ ሃገራት ምትሕግጋዝ ዝበሃል ውድብ ኵለን ሃገራት ሓገዘን ከበርክታ ኣሎወን ዝብል ውሳኔ ኣሕሊፉ። ኵለን እምበኣር ነፍሲ ወከፈን 200 000 ባርኖዝ ንኣድናማ ይሕግዛ።

ኣብ ኣዮት እትበሃል ሃገር ንብርክት ዝበሉ ዓመታት ናይ ዝናብ ምዕልቕላቓት የጋጥም ነይሩ፡ ሕጂ ድማ ሃገርኩም ከምኡ ዝበለ ሓደጋ የንጸላልዋ ኣሎ፡ስለዚ ንስኻትኩም ነቲ መጒዳእትታት ዝድርቱ ደንደሳት ንምህናጽ 400 000 ባርኖዝ ወጻኢ ክትገብሩ ኣሎኩም።

ኣብ ለኣኪም እትበሃል ሃገር ዝርከቡ ናይ ፖሊቲካ ሰባት ውዕል መሰላት ቆልዑት ካብ ኵለን ሃገራት ከልግሱዎ ይደልዩ።ኣብ መንጎ ሃገራት ምትሕግጋዝ ዝበሃል ውድብ ነዚ ውሳኔዚ ንምክልኻል ዝውዕል 400 000 ባርኖዝ ንሃገርኩም ንኽሕግዝ ወሲኑ።

ኣብዞም ዳሕረዎት ኣዋርሕ ኣዝዮም ብርቱዓት ህቡብላታት ከነፍሱ ጸኒሖም። ብዙሓት መስመራት ኣለክትሪክ ተበላሽዮም፡ምትሕግጋዝ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዝበሃል ውድብ ነቶም ዝተበላሸዉ ብሓደስቲ መስመራት ኣለክትሪክ ምትካእ ምእንቲ ክትክእሉ 400 000 ባርኖዝ ሓጊዙኩም።

ሃገርኩም ብዙሓት ሃገራት ዝሳተፉዎን፡ ኣገደስቲ ዓበይቲ ሰባት ድማ ብዛዕባ ኵነታት ቆልዑት ዝምልከት መደረ ዘስምዕሉን ዓቢ ኣኼባ ጸዊዓ ኣላ። ንስኻትኩም ኣብቲ ኣኼባ ንዝቕረቡ ቡን/ቍርሲ 200 000 ባርኖዝ ከተውጽኡ ኣሎኩም።

ኣብ ሓንቲ ጎረቤት ሃገር እሳተ-ገሞራ ስለ ዝተላዕለ ኣብ ገለ ክፋላት ናይ ሃገርኩም ናይ ኣየር ብከላ ኣጋጢሙ። ብ 200 00 ባርኖዝ ናይ ኣፍ መከላኸሊ ክትዕድጉ ኣሎኩም።

ኣብዚ መጨረሽታ እዋናት ቍጽሪ ናይ ድንሽ ሓሳኹ ዝጸበቑ ስለ ዝለዓለ ንኹሎም ዘራእቲ ድንሽኩም በሊያሞምን ኣባላሽዮሞምን እዮም። ቀረብ ድንሽ ንኽተትዓራርዩ እምበኣር ካብ ሊንድዮዛ ክትዕድጉ ኣሎኩም፡ ዋጋኡ ድማ 200 000 ባርኖዝ እዩ።

tigrinja

ኣብ ሰምየናዊ ክፋል ሃገርኩም ዓቢ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ ስለ ዘጋጠመ ብዙሓት ቆልዑት እቲ ዘድልዮም ሕክምና ክረኽቡ ኣይከኣሉን። ንስኻትኩም እምብኣር ክሕግዙኹም ዝኽእሉ ሓካይም ካብ ሊንድዮዛ ከተምጽኡ ኣሎኩም ዋጋኡ ድማ 400 000 ባርኖዝ እዩ።

ኣብ ሃገርኩም ኣብ ናይ ቤት-ትምህርቲ መግቢ ንብዙሓት ቆልዑት ከሕምም ዝኽእል መርዚ/ስሚ ተረኺቡ። ብ 200 00 ባርኖዝ ካልእ መግቢ ክትዕድጉ ኣሎኩም።

መድሃኒታትኩም ዝቕመጡሉ መኽዘን ብባርዕ ሓዊ ስለ ዝተባላሸወ ሓደስቲ መድሃኒታት ብ 400 000 ባርኖዝ ክትዕድጉ ኣሎኩም።

ሰለል መብልን መንሸራተትን ዝሰርሕ ጸወታ ናጻ እዩ ዝተባህለ ዓለም-ለኻዊ ውድብ፡ ንቆልዑት ሃገርኩም ደስ ዘብሉ ናይ መጻወቲ ቦታታት ክትሰርሑሎም ምእንቲ ክትክእሉ 200 000 ባርኖዝ ሓገዝ ክገብረልኩም ይደሊ።

ነበርቲ ሊንድዮዛ እታ ናይ መጨርሽታ ኣድኒል እትብሃል ንግስቶም ዝነበረት ምስ ሞተት፡ ተቐቢሩን ተሓቢኡን ዝጸንሐ ባርኖዝ ዝመልአ ዓቢ ሳንዱቕ ረኺቦም። ኣብ ካልኦት ሃገራት ናይ ዝርከቡ ቆልዑት መነባብሮ ከመሓየሽ ድልየት ስለ ዘለዎም ንሃገርኩም 400 000 ባርኖዝ ክሕግዙዋ ይደልዩ።

ኣብ ሀገርኩም ናይ ዲኖሳውሩስ ዓቢ ዓጽሚ/ኣስከሬን ተረኺቡ፡ ሓንቲ ኣብ ምብራቓዊ ሸነኽ ናይ ዓለም እትርከብ ሃገር ብ 200 000 ባርኖዝ ዓዲጋቶ።

ምትሕግጋዛ ኣብ መንጎ ሃገራት ዝበሃል ውድብ፡ ኣብ ሃገርኩም ዝርከቡ ናይ ፖሊቲካ ሰባት ንብዙሓት ዓመታት ናይ ግብሪ ምጭብርባር ክገብሩ ከም ዝጸንሑ በጺሑዎ። ሕጂ ንስኻትኩም ንውድብ ምትሕግጋዝ ኣብ ሞንጎ ሃገራት 400 000 ባርኖዝ ክትከፍሉዎ ኣሎኩም።